Botschaft des Staates Eritrea

# ፍሉይ እዋናዊ ሓበሬታ

*ኣብ ኤርትራ ዝቐመጡ ሕጂ ኣብ ሃገራት ወጻኢ ዘለዉ ክምለሱ ዝደልዩ ዜጋታት ከምኡ´ውን ምልኣኽ*

*ሬሳ ናብ ኤርትራ*

➡ *መመዝገቢ ሓበሬታ*

➡ *መመዝገቢ ፎርም*

**ንኹሉ ቆንሳልዊ ኣገልግሎት ንዝምልከት ሓበሬታን ኣጠቓቕማን ኣብ ዌብሳይት ኤምባሲ ሃ/ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቲኹም ምሉእ ኣገልግሎት እትረኽብሉን ቆጸራ'ውን ክትወስዱሉ እትኽእሉ ኣገባብ ተዳልዩልኩም ከምዘሎ ብኽብሪ ንሕብር።**

## Botschaft des Staates Eritrea
## in
## Berlin

ዕለት 15-09-2020

ቁ-መ-106-2020

## ፍሉይ እዋናዊ ሓበሬታ

1. ጉዳይ ናብ ሃገር ምምላስ፥

ብሕክምና ይኹን ብኻልእ ውልቃውን ማሕበራውን ምኽንያታት ካብ ኤርትራ ወጺኦም ዝጸንሑ'ሞ ብምኽንያት ለበዳ COVI-19 ናብ ሃገሮም ክምለሱ ዝይከኣሉ ሕጂ ግን መንግስቲ ኤርትራ ንኽምለሱ ኣፍቂዱ ስለዘሎ ፡ ክምለሱ ዝደልዩ ዜጋታት ኣብ ጠቕላሊ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ፍራንክፈርትን ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ በርሊንን ክምዝገቡ ንሕብር።

2. ምልኣኽ ሬሳ ናብ ኤርትራ

ብኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ተመሳሳሊ ምኽንያት ደው ኢሉ ዝጸንሐ ምልኣኽ ሬሳ ናብ ኤርትራ'ውን ተፈቒዱ ምህላዉ እናሓበርና፡ ኩሉ ወጻኢታት ብለኣኽቲ ሬሳ ክሽፈን ኣለዎ። ብተወሳኺ ንሬሳ ኣሰኒኻ ምኻድ ፍቑድ ከምዘይኮነ ንሕብር።

ዘድሊ ሰነዳትን ሰርተፊከትን ፡መኣሰስ ብኸመይ ኣገባብን ክምዝልኣኽ ንቤት ጽሕፈት ምስ ቀረበን ፡ ካብ ኤርትራ ብዝምልከቶ ኣካል (ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት) ፍቓድ ምስተረኽበን ጥራይ ሬሳ ንምልኣኽ ዘድሊ መሰነይታ ሰነድ ካብ ቤት ጽሕፈትና ከምዝወሃብን ነዘኻኽር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ንቤት ጽሕፈት ምውካስ፡
030-44674617
embassyeritrea@t-online.de

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
በርሊን

## ኣብ ኤርትራ ዝቕመጡ ሕጂ ኣብ ሃገራት ወጻኢ ዘለዉ ክምለሱ ዝደለዩ ዜጋታት

## መመዝገቢ ቅጥዒ

| | | |
|---|---|---|
| ስም | ስም ኣቦ | ስም ኣበሓጎ |
| ጾታ | ቁጽሪ መንነት | ዕለተ-ልደት |
| ዓይነት ስራሕ | ካብ ኤርትራ ዝወጸሉ ወርሕን ዓ.ምን | ዝጸንሓሉን ሃገራት |
| ምኽንያት መገሻ - ሕክምና | ምኽንያት መገሻ - ማሕበራዊ | ኩነታት ጥዕና |
| ኣድራሻ / ADDRESS STRASSE | PLZ | Ort |
| ቁጽሪ ስልኪ / TELEPHONE NO. | E-Mail / ኢ-መይል: | |

| | | |
|---|---|---|
| ቦታ / PLACE | ዕለት / DATE | ክታም ሓታቲ / SIGNATURE |

## ኤርትራዊ ወረቐት መንነት

---

*ሓድሽ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት ዝሓቱ ዜጋታት ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፡-*

ሓድሽ ኤርትራዊ መንነት ዝሓቱ

- » ፎርም ሓበሬታ ሓድሽ መንነት
- ምሉእ ስም ሓታታይ ክሳብ 4ይ ወለዶ
- ምሉእ ስም ኣደ ክሳብ 4ይ ወለዶ
- ቅዳሕ ወረቐት መንነት ናይ ወለዲ
- ኣቦን ኣደን ብህይወት ምስ ዘይህልዉ ቅጺ ምስክርነት ዜግነት ንነበርቲ ወጻኢ ብውክልና ይምላእ (ስም ወኪል ቁጽሪ ቴሌፎን ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ቀረባ ዘመድ ብኣደ ወይ ብኣቦ)
- መበቆል ዓዲ
- ኣርባዕተ ስእሊ 4,5X3.5 (ድሕረ ባይታ ጻዕዳ)
- መነጸር ንዝጥቀም ናይ ሓኪም ሰነድ
- ስእሊ ምስ መነጸር ብሓኪም ዝተኣዘዘ ምስ ዝኸውን ብሓኪም ከም ዝትኣዘዘ ዘረጋግጽ ሰነድ
- ሰነድ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ጀርመን/ ኣብ ኢድ ናይ ዘሎ ፓስፖርት ቅዳሕ
- ምሉእ ኣድራሻ
- ክፍሊት ዕድሜኦም ትሕት ዕስራ ዓመት ንዝኾኑ፥- 20.00 ኦይሮ
- ክፍሊት ልዕሊ ዕስራ ዓመት ዝዕድሜኦም፥- 20.00 ኦይሮ ተደመሮ 15.00 ኦይሮ ንነፍሲ ወከፍ ተወሳኺ ዓመት
- ንመላኣኺ ቡስጣ ዘገልግል እኹል ብዝሒ ገንዘብ ዘለዎ ቴምብር

---

## መተካእታ ወረቐት መንነት

---

*መንነት እንተድኣ ጠፊኡ ተበላሽዩ ወይ ነቲ ኣብ ኣገልግሎት ዘሎ ዝወሃብ ዘሎ መንነት ወረቐት ንምትካእ ፡ መሕተት መተካእታ ወረቐት መንነት ይምላእ። መተካእታ ወረቐት መንነት ዝሓቱ ዜጋታት ከማልእዎ ዘለዎም፥-*

መተካእታ ወረቐት መንነት ዝሓቱ

- » ፎርም ሓበሬታ-መንነት መተካእታ ⇐
- ቅዳሕ ኣብ ኢድ ዘሎ ወረቐት መንነት
- ኣርባዕተ ስእሊ 4,5X3.5 (ድሕረ ባይታ ጻዕዳ)
- ስእሊ ምስ መነጸር ብሓኪም ዝተኣዘዘ ምስ ዝኸውን ብሓኪም ከም ዝትኣዘዘ ዘረጋግጽ ሰነድ
- ሰነድ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ጀርመን/ ኣብ ኢድ ናይ ዘሎ ፓስፖርት ቅዳሕ
- ምሉእ ኣድራሻ
- ክፍሊት 20.00 ኦይሮ

---

## *መአረምታ ኣብ መንነት ወረቐት*

---

*መአረምታ መንነት ወረቐት (ስም፡ዕለተ ልደት፡ ወይ ቦታ ልደት) ዝምልከት ብቤት ፍርዲ ምስ ተወሰነን ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብቆንስላዊ ጉዳያት ምስተረጋገጸን ጥራይ እዩ ዝፍጸም።*

## *ዝጠፍአ መንነት ወረቐት*

*መንነት ወረቐት ምስ ዝጠፍእ፡ ነዚ ፎርም መሕተት ክምላእ ይግባእ። እዚ ክይተመለአ ናይ ምትካእ መስርሕ ኣይጅመርን ኢዩ።*

*» ፎርም መሕተቲ መንነት ዝጠፍአ*

---

## *ፓስፖርት*

---

*ሓድሽ ኤርትራዊ ፓስፖርት ዝሓቱ ዜጋታት ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት ከምዚ ዝስዕብ እዩ።*

ሓድሽ ፓስፖርት ዝሓቱ

- ፎርም መሕተቲ ፓስፖርት ብኣካል ኣብ ቤት ጽሕፈት ቆንስል ምምላእ
- ኣርባዕተ ስእሊ 4,5X3.5 (ባዮሜትሪክ ኮይኑ ድሕረ ባይታ ጻዕዳ)
- ቅዳሕ ተዋሂቡ ዝጸንሐ ፓስፖርት (ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ምስዝህሉ)
- ቅዳሕ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት
- ብምኽንያት መርዓን ካልእ ምኽንያታት ዝነበረ ስም፡ ዕለተ ልደት፡ ቦታ ልደት ክቐየር ምስ ዝድለ፡ እቲ ዝቐየር ብቤት ፍርዲ ምስ ጸደቐን ኣብ ቆንስላዊ ጉዳያት ምስተረጋገጸን ቀንዲ መበቆል (ኦርጅናል) ምስ ቀረበ ጥራይ ይኸውን
- ስእሊ ምስ መነጸር ብሓኪም ዝተኣዘዘ ምስ ዝኸውን ብሓኪም ከም ዝትኣዘዘ ዘረጋግጽ ሰነድ
- ሰነድ መንበሪ ፍቓድ/ ቅዳሕ ፓስፖርት
- ክፍሊት ንልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም €160.00 ንትሕቲ ዕድመ €140.00
- ፓስፖርት ኤርትራ ኣቐዲሞም ሒዞም ንዝጸንሑ ንኹሉ ዜጋ (ዕድመ ብዘየግድስ) ዝሕተት ክፍሊት €100,00 ኢዩ።
- ንመላኣኺ ቡስጣ ዘገልግል እኹል ብዝሒ ገንዘብ ዘለዎ ቴምብር

---

## ላሲ ፓስ

---

*ላሲ ፓስ ዝሓቱ ዜጋታት ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት ከምዚ ዝስዕብ እዩ።*

ላሲ ፓስ ንምርካብ

- ቅዳሕ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት
- ኤርትራዊ ወረቐት መንነት ዘይብሉ ምዝገባ ሓዲሽ መንነት ይገብር
- ኣርባዕተ ስእሊ 4,5×3.5 (ክልተ እዝኒ ዘርኢ እቲ ድሕረ ባይታ ናይ ስእሊ ጻዕዳ ክኸውን ይግባእ)